# ምስጋና




ብምኽንያት ሃንደበታዊ ሞት ንኡስ ሓውና ዮሴፍ ተስፋማርያም ኣድሓኖም ኣብ ሃገር ካናዳ ዝተሰማዕና ከቢድን መሪርን ሓዘን፡ ብመጀመሪያ ንስድራ ቤት ተስፋማርያም ኣድሓኖም ንምጽንናዕ ቍምስና ስርዓተ ግእዝ ቤተ ክርስቲያን ኪዳነ ምህረት ቶረንቶ ካህናት መዘምራን ምእመናን፡ ቤተ ክርስትያን መድሃኔ ኣለም ቶርንቶ፡ ቤተ ሰብ ኣዝማድ፡ መቃልስቲ፡ መሓዙትን መተዓብይትን መማህርትን፡ ህዝቢ ቶረንቶ ዝገበሩልና ምድግጋፍን ሓገዛት፡ ንኣስታት ሽዱሽተ መዓልቲ ኣጋይሽ ክንቅበል ንዝተፈቀደልና ኣደራሽ ቤተ ክርስትያን ሳንታ ኒክላስ ንቡር ሓዘን ዝተኻየደሉ፡ ምስ ምህልላን ጸሎትን ምስጋና ይብጽሓዮም፡ ንዝተቀረበ ኩሉ ሙሉእ ዘይጉዱል እኽለ ማይ ምስ ኩሉ ኣኽብሮትን ምስጋናን ኣምላኽ ይተከኣሎም።



ከምኡ’ውን ካብ ኣሕዋት መተዓብይትን፡ መቃልስትን ንኽብሪ ስነ ስርዓት ቀብሪ ዝተላእከ ዕምበባታት፡ ዝተገብረ ኩሉ ምትሕብባር ብፍላይ ተቀማጦ ከተማ ቶሮንቶ ብሓፈሻ ከምኡ ከኣ፡ዊንድዘር ኤድመንተን፡ ካልጋሪ፡ ፖርትላንድ፡ ኦክላንድ ዳላስ፡ ዋሺንግቶን ዲስ፡ኣሪዞና፡ኖርወይ ኦስሎ፡ሊለሃመር ንዝገበረሉና ኩሉ ምትሕብባርን ደገፍን ብልቢ ነመስግን።

ብዝተፈላለየ ብርዱእ ምኽንያት፡ ብሕጽረት ግዜ ምሳና ኣብ ቀብሪ ክርከቡ ዘይከኣሉ ኩሉም፡ ብቴለፎን፡ ብኢ-መይል ዝለኣኹልና ምጽንናዕን ደገፍን ሕሰም ኣይትርከቡ ክብረት ይሃብልና ንብል።

ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ንስድራ ቤት ነፍስሄር ዮሴፍ ተስፋምርያም ኣድሓኖም ንምቅባል፡ ዝተገብረ ፍሉይ መዓልቲ ዝኾሪ 17-18 ሕዳር ኣብ ኣደራሽ ኣጋይሽ ተቀቢሎም ብምፍናውን ዝገብሩልና ኲሉ ነመስግን ክብረት ከኣ ይሃበልና።

ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ኣስመራ፡ካርቱም፡ስዊዝ፡በርኒንግሃም፡ስቱትጋርት፡ ስቶክሆልም፡ቶረንቶ፡ ኢድመንተን ፡ካልጋሪ፡ ጸሎት ዘብጻሕኩም ካህናት፡ መሓዙትን መተዓብይትን ነመስግን ክብረት ከኣ ይሃበልና።

ሙሉእ ስድራ ቤት

ነፍስሄር ኣቶ ተስፋማርያም ኣድሓኖም